# ጽንብል በዓል ነጻነት 2009 ኣብ ከተማ ሎንዶን ።

መበል 18 ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ 24 ግንቦት ኣብ ከተማ ሎንዶን ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ ተኸቢሩ ኣምስዩ።

ኣብቲ ካብ ኣባላት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ቤርገሳውያን ማሕበራትን ብዝተዋጽኡ ዜጋታት ዝቖመት ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ተወዲቡ ትማሊ 24 ግንቦት ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ዝተኻየደ ጽምብል፡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ከምኡውን ገዳይም ተጋደልቲ ዓበይቲ ዓድን ምሁራንን ተረኺቦም።

እቲ ጽምብል ብማሕበር ደቅንስትዮ ሎንዶን ብዝተዳለወ ናይ ድራር መደብ ሰዓት 6፡00 ድ.ቀ ኢዩ ጀሚሩ። ካብኡ ቀጺሉ ድማ ቃል በዓል ናጽነት ብኣዳለውቲ እቲ መደብ ብቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ቀሪቡ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ብ ዶ/ር ዳኒኤል ረዘነ፡ መሰጋገሪ ሕጊ ዘርእስቱ ኣገዳሲ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ። ቀጺሉ 'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ዝሓቖፈ ዘተ ተኻይዱ።

ኩሉ ዕዱም ብጉዳይ ሃገርን ንህዝብናን ሓኒቑዎ ዘሎ ቅልውልውን ኣመልኪቱ ኢሂን ምሂን ክብህሃል ድሕሪ ምምሳዩ ድማ ናብ ዕሙር ባህላዊ ጸወታ ተሰጋጊሩ። ብናይ ዝተፈላለዩ ብሄራትና ሳዕሲዒት ክልሀ ከኣ ኣምሲዩ።

ኣወሃሃዲት ሽማግለ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን
በርጌሳዊ ማሕበራትን ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ።
25 ግንቦት 2009 ።